FILIPSTADS KOMMUN

SPÅNGBERGSGYMNASIET

20210108 እተኣረመ

# ስርዓታት ኣሰራርሓን ሳዕቤናትን ኣብስፓንግበሪዬምናስየት ፊሊፕስታድ

## ኣቀባብላ

ዝኾነ ይኹን ዓይነት ማህሰይቲ ወይ ምሽጋር ተቐባልነት ዘይብሉን ክልኩልን ኢዩ።

ሳዕቤናት፦ሰራሕተኛታት ነቲ እተቓልዐን ገበነኛን የዘራርብዎ። ናብ ርእሰ-መምህራንን ላዕለዋይ በዓል ስልጣንን እውን ምምልካት። እቲ ርእሰ-መምህራን መርመራ ይጅምር። ብመሰረት መደብ መዕረ ሕክምና ስጉምቲ ይውሰድ፡ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምዕራፍ 5ን 6ን (Skollagen kap 5 och 6)።

## ግዜን ህላወን

ኵሉ ሰብነቲ ንኣኼባታትን ትምህርትን ዚኸውን ግዜ ኼኽብሮ ኣለዎ። ኣብ ሰዓትካ ምምጻእ ንሓድሕድካ ኣኽብሮት ምርኣይ እዩ። ህላወ ኣብ ቤት ትምህርቲ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ግዴታ ኣለዎን እቶም ደንጉዮምዚመጹ ኣብቲ ክላስ ኺኣትዉኽለዉኽይርብሹን።

ሳዕቤናት፦ እቲ መምህር ኣቴንዳንስ ይወስድ፡ እቲ ኣማኻሪ ኸኣ ብተደጋጋሚዘይግቡእ ብኩራት እንተ ኾይኑ የጠንቅቕ። እቲ ምምክታ ናብ ሲ.ኤስ.ኤን ማለት እቶምብዘዕባ ክፍሊት ናይ ትምህርቲ ክጎድል ዝውስኑ ይስራሕ ወይ ይካየድ። እቲ ተመሃራይ ትሕቲ 18 ዓመት እንተ ኾይኑ ንወለዲ ወይ ኣለይቲ ምርካብ፡ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምዕራፍ 15፡ 16(Skollagen Kap 15:16)።

## ሞባይል ተሌፎንን ካልእ ኤለክትሮኒካዊ ማነርሒታትን

እቲ መምህር ካልእ ውሳነ እንተ ዘይገይሩ ሞባይል ምእጋድ ኣሎ። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣብእዝንኻ ማስምዒ ሚቃኄርካ ኺፍቀድ ዚኽእል እኳ እንተ ኾነ ንኻልኦት ግና ኪርብሾምየ ብሉን።

ኣብእዋን ሓጺር መግለጺ፡ ኣስተምህሮታትን /ሓበሬታትን ዕጹውይኸውን። ንኣብነት ከምንምልቓሕ ኮምፕዩተር ዝኾኑ መምርሒታት ኪስዕቡእዮም።

ሳዕቤናት፦እታ ሞባይል ተሌፎን እንተ ተጠቒምካላ እሞንኻልኦት እንተረብሻ፡ እቲ ተመሃራይ መግናሕቲ ይወሃቦ። ኣብተደጋጋሚማጠንቀቕታ እቲ መምህር ነታ ሞባይል ተሌፎን ኪምንዝዓ ይኽእል እዩ። እቲ ተመሃራይ እታ ክፍለ ግዜ ምስ ተወድአት ወይ ምስ ምውዳእ እታ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ነታ ተሌፎን ኪመልሳ ይኽእል፡ ኣብዚ እውን ርአ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምዕራፍ 5:22(Skollagen kap 5:22)። እታ ናይ ልቓሕ ኮምፕዩተር እንተ ተጐዲኣ ካሕሳ ኽትክፈል ትኽእል ኢኻ።

## ምትላል

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚግበር ምትላል ኣዝዩ ኸቢድ እዩ። ምትላል ዝበሃል ዘይተፈቕደ ናይ ሓገዝ ማነርሒ ምጥቃም ንዕዮ ኻልኦት ሰባት ብስምካ ምቕራብ ወይ ምንጪኸይጠቐስካ ናይ ካልኦት ጽሑፋት ምጽሓፍ ዘጠቓልል ኢዩ።

ሳዕቤናት፦እቲ ምትላል ፈተና ኣብ ዝካየደሉ እዋን እንተ ኣጋጢሙእቲ ፈተና ብኡንብኡ ይስረዝ። ኣብ መንጎ እቲ መምህርን እቲ ተመሃራይን እቲ ርእሰ-መምህርን ዝርርብ ይግበር እዩ። ኣማኻርን ዝኾነ ኣላይን ይሕበሩ እዮም። ምትላል እንተ ኣጋጢሙእቲ ዕዮ ኸምዝፈሸለ ጌርካ እዩ ዝቑጸር። ማጠንቀቕታ ይፍጸም ብተደጋጋሚእንተ ኣጋጢሙኸኣ ይስረዝ። ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምዕራፍ 5:17 (Skollagen kap 5:17) እቲ ርእሰ-መምህራን ንሓደ ዘታለለ ተመሃራይ ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ኬቋርጽ ኪውስን ከምዚኽእል ይገልጽ።

## ጕሓፍን ዕንወትን

ርስሓትን ዕንወትን ኣይፍቀድን እዩ። ኵሉ ሰብ ኣብቲ ህንጻን ኣብ ወጻኢ እቲ ቤት ትምህርትን ስርዓት ከምዚሰፍን ኣብ ምግባር ይሕግዝ። ናይ ስራሕ ሃዋሁውሓባራዊ ሓላፍነት እዩ። ገለ ነገር እንተ ተሰይሩ ቀልጢፎምምእንቲ ኺጽገኑ እቶምሰራሕተኛታት ይሕብሩ።

ሳዕቤናት፦ደይ መደይ ኢልካ ዕንወት እንተ ኣጋጢሙእቲ ጕድኣት ዘውረደ ሰብነቲ ጕድኣት ክኸፍሎ ይኽእል እዩ። ከቢድ ብልሽውና እንተ ኣጋጢሙእቲ ርእሰ-መምህራን ብዛዕባ እቲ ጕዳይ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ይህብ። ናይ መቕጻዕቲ ኮድ ምዕራፍ 12 (Brottsbalken kap 1)።

**FILIPSTADS KOMMUN**

**SPÅNGBERGSGYMNASIET**

## ሓሸሽ

እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ክፍሊታት ካብ ሓሸሽን ትምባኾን ነጻ ኢዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሽጋራ ምትካኽ ኣይፍቀድን እዩ። እቲ እገዳ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እቲ መማ ቢ ኽፍሊ እውን ይውክል እዩ።

ሳዕቤናት፦ ሓሸሽ እንተ ወሲድካ እቲ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ምስ ወለዲ/ኣለይቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን –ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምዕራፍ 14፡ 1 (Socialtjänstlagen kap 14:1) ፖሊስን ይራኸብ እዩ።

እቲ እገዳ ናይ ትምባኾ እንተ ተጣሒሱ ኣማኻሪ ይርከብ፣ እቲ ኣማኻሪ ድማ ብግዲኡ ምስቲ ተማሃራይን ምስ ወለዲኡን/ሙዚቱን ይዘራረብ ብተወሳኺ እቲ ተማሃራይ ብመንገዲ ኤ.ቾ.ቲ.( ጉጅለታት ጥዕና ተማሃሮ) ትምባኾ ንኽሓድግ ይዕደም፡ ናይታ ቤት ትምህርቲ ሓሸሽ ፖሊሲ ከምኡ እውን ሕጊ ቤት ትምህርት ምዕራፍ 5፡ 5 (Skollagen kap 5:5) ርአ።

## ቀጥዐ ኣካላት/ኣለርጂ

ኵሎምኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዉነ ቶምቀጥዐ ኣካላት ዘለዎምሰባት ይሓልዩ ወይ ኣብ ግምት የእትዉ፡ ብርቱዕ ጨና ኣይትጠቐም፡ ምስ ጸጉሪ እንስሳታት ካብ ዝተራኸቡ ክዳውንቲ ድማኣ ወግድ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ዓይነታት ፉል ሒዝካ ምምጻእን ምብላዕን ክልኩል እዩ። ሕጊ ቤት ትምህርቲ ምዕራፍ 5፡ 5 (Skollagen kap 5:5)።

## ካብ ግዳምዝመጹ ሰባት ዝገበርዎ ምበጻሕ

ናይ ቤት ትምህርቲ ክፍልታት ህዝባዊ ዘይኰነ ስ፡ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ጥራይ እዮምዚእከቡሉ። ዘይተፈቐዶምሰባት ክኣትዉኣይክእሉን ኢዮም፡ እዚ ኸኣ ንካብካልእ ኣብያተ- ትምህርቲ ዝመጹ ተማሃሮ እውን ይውክል እዩ። ሰራሕተኛታት ጥራይ እዮምፍቓድ ኪህቡ ዚኽእሉ ንኣብነት ቈጻራ ብምግባር። ፖለቲካዊ ማሕበራት ምስቲ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ድሕሪ ምርኻበ ምፍቓድ ይወሃቦም፡ ሕጊ ቤት ትምህርትን ምዕራፍ 5፡ 5 (Skollagen Kap 5:5)።

## ብርሕቐት ትምህርቲ

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕግታት ብዘይፍለ ምስቲ ሽዑ ዝፍጠር ኵነታትን ዝወሃብ ምኽርን ብምውህሃድ ንኣብ ርሑቅ ትምህርቲ እውን ይውክል ኢዩ። "ኣብታ ኣካይዳ ኣብ ምምሃር ብመንገዲ ቲምስ" እውን ርአ።

**ሓላፊ/ት ቤት ትምህርቲ      ኣማኻሪ ተማሃሮ      ጉጅለ ምትሕብባር**